# COVID-19 ኮቪድ-19

## ብብሱላት ቆልዑ ዝወሃብ ፍቓድ

BRITISH COLUMBIA Ministry of Health

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

## ንክታበት ዝወሃብ ፍቓድ

ወለድን ወይ ሓለውትን ደቆምን ሓበሬታታት ናይዚ ቀሪቡሎም ዘሎ ክታበታትን፡ ነዚ ፍቓድ መውሃቢ መሕትትን ደጋጊሞም ክነብዎን ክመያየጡሉን እሞ፡ ብሓደ ኮይኖም ናይ ምኽታብ ውሳነ ንኽገብሩ ይተባብዑ።

ኣብ ናይ ትምህርቲ ሰዓታት፡ ክሊኒካት ኣገልግሎት ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክህባ እንተ ኾይነን፡ ተመሃሮ ነቲ ናይ ፍቓድ መውሃቢ መሕትታትን ናይ ክታበት ሓበሬታታትን ናብ ገዝኦም ወሲዶም ምእንቲ ክዘራረቡሉ ኣቐዲሙ ክወሃቦም እዩ።

## ብብሱላት ቆልዑ ዝወሃብ ፍቓድ

ናይዚ ክታበት ጥቕምታትን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ሳዕቤናትን፡ ሓደጋ ናይ ዘይምኽታብን ክርድኡ ዝኽእሉ፡ ትሕቲ 19 ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ ብገዛእ ርእሶም፡ ብሕጋዊ መንገዲ ፍቓድ ክህቡን ምኽታብ ክኣብዩን ይኽእሉ እዮም። እዚ፡ ውሉድኩም ክታበት ንኽወስዱ ወይ ንኸይወስዱ ናይ ገዛእ ርእሶም ውሳነ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም ማለት እዩ።

እዚ ኣሰራርሓ እዚ ካብቲ ናይ ህጻናት ሕጊ ኣብ ቢሲ ብ1996 ዝጸደቐሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ባይታ ክስርሓሉ ዝጸንሐ እዩ፡ ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ ፍቓድ ናይ ብሱላት ቆልዑ ኣብዚ ክርከብ ይከኣል : **www.healthlinkbc.ca/healthlinkbc-files/infants-act-mature-minor-consent-and-immunization**

## ብርድኢት ዝወሃብ ፍቓድ

ሓደ በዓል ሞያ ጥዕና ካብ ቆልዓ ንዝወሃብ ፍቓድ ቅድሚ ምቕባሉ፡ ነቲ ቆልዓ ብዛዕባ እቲ ክታበት ሓበሬታ ክህቦ ኣለዎ። እቲ በዓል ሞያ ጥዕና ነዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት ምስቲ ቆልዓ ኮይኑ ብምድጋም ከረድኦ እዩ። (እዚ ሓበሬታ ኣብዚ ይርከብ እዩ **www.healthlinkbc.ca/healthlinkbc-files/covid-19-vaccines**):

- ነየናይ ክታበት ክወስዱ ከም ዝኽእሉ
- ጥቕሚ ናይ ክታበት ምውሳድ
- ሓደጋ ናይ ክታበት ዘይምውሳድ
- ልሙዳትን ትጽቢት ዝግበረሎምን ጎድናዊ ሳዕቤናት
- ሳሕቲ ዝረኣዩ ዕቱባት ጎድናዊ ሳዕቤናት
- ክታበት ካብ ምውሳድ ዝኽልክሉ ናይ ጥዕና ምኽንያታት

እቲ ናይ ጥዕና በዓል ሞያ  እቲ ቆልዓ ነቲ ሓበሬታ ደጊሙ ከንብቦን ሕቶታት ክሓትትን ግዜ ክህቦ እዩ።  ብድሕርዚ እቲ ቆልዓ እቲ ሓበሬታ ተረዲእዎ ሙኻኑን ውሳነ ንኽገብር ድሉው ሙኻኑን ንምርግጋጽ ሕቶታት ክሕተት እዩ።  ወለዲ ወይ ሓለውቲ መዝገብ ናይ ክታበት ናይ ዝኾነ ብገዛእ ርእሱ ፍቓድ ዝህብ ቆልዓ ክርእይዎ ንኽፍቀደሎም፡ እቲ ቆልዓ ከፍቅድ ኣለዎ።

እቲ ናይ ጥዕና በዓል ሞያ እቲ ቆልዓ ከም ዝተረድኦ ርግጸኛ እንተዘይኮይኑን ወይ ውሳነ ንኽገብር ድሉው እንተዘይኮይኑን፡ እቲ ቆልዓ ብዘይ ናይ ወለዲ/ሓለውቲ ፍቓድ ኣይክተብን እዩ።

## ብርድኢት ዝወሃብ ፍቓድ ዝስርሓሉ ኣገባብ

ክታበት ዝህቡ ሰብ ሞያ ጥዕና ብዛዕባ ፍቓድ ምሃብ ምስ ሰባት ንኽዘራረቡን፡ ናይ ሰባት ፍቓድ ናይ ምሃብ ዓቕሚ ንምግምጋምን ዝተመሃሩ እዮም።



እዚ መስርሕ ናይ ብርድኢት ዝወሃብ ፍቓድ፡

- ንክታበት ብፍላይ ዝምልከት
- ናብ ተቐባሊ ኣገልግሎት-ዘተኮረ
- ብወለንታ ዝግበር
- ብዘይ ምድንጋር እተረኽበ

### ደረጃታት ናይ ብርድኢት ዝወሃብ ፍቓድ:

1. ዓቕሚ ናይቲ ፍቓድ ዝህብ ዘሎ ሰብ ምግምጋም
2. ግቡእ ሓበሬታ ምቕራብ
3. ንሕቶን መልስን ግዜ ምሃብ
4. ፍቓድ ንምሃብ ምእባይ ወይ ፍቓድ ንምስራዝ መሰል ምሃብ

ወለድን ሓለውትን ነዚ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምስ ደቆም ክዘራረቡሉን ክታበት ንምውሳድ ፍቓድ ናይ ምሃብ ውሳነ ንምግባር ብሓደ ኮይኖም ክሰርሑን ብጥብቂ ይተባብዑ።

